መሰላትን ግዴታታትን

ሰራሕተኛታት WIC: ነዚ ገጽ ብቃልኩ ዳግም ረኣዮ።

መሰላተይ

- **ምግብታት WIC**: ኣነ ንWIC ብቑዕ እንተኾይነ፣ ጥዕና ዘለዎም ምግብታት ካብ ሱፐር ማርኬት ንምግዛእ ናይ WIC ካርድ ክረክብ እየ። WIC ናይ ብምልኡ ወርሒ ኩሉ ምግቢ ወይ ፎርሙላ (ምግቢ ቆልዓ) ከምዘይህብ ይርድኣኒ እዩ።
- **ሓበሬታ ኣመጋግባ**: ብዛዕባ ዘገድሱኒ ናይ ኣመጋግባ ኣርእስታት ሓበሬታ ክረክብ እየ።
- **ደገፍ ምጥባው**: WIC ኣብ ምጥባው ክሕግዘንን ክድገፍንን እዩ።
- **ሓበሬታ ክንክን ጥዕናን ንወሽሳ ምስዳድን**: WIC ብዛዕባ ብየናታት (ክታበታት)፣ ዶክተር ምርካብ፣ ከምኡውን ካልእ ከድልዩኒ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ከምዝፈልጥ ክገብረኒ እዩ።
- **ልሙድ ኣኽብሮት**: WIC ከምኡውን ሰራሕተኛታት ድኳን ንዓይ ብፍትሓዊ መንገድን ብማዕርነትን፣ ምስ ኣኽብሮትን ክብረትን ክኣንግዱኒ እዮም።
- **ፍትሓዊ ምስትእንጋድ**: እቶም ሕግታት ንኹሉ ሰብ ሓደ እዮም ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ጾታ፣ ስንክልና፣ ወይ ዕድመ ብዘየገድስ።
- **ፍትሓዊ ምስማዕ ጉዳይ**: ብዛዕባ ናተይ ናይ WIC ብቕዓት ንዝተዋህበ ውሳነ ዘይሰማማዓሉ እንተኾይነ ፍትሓዊ ምስማዕ ጉዳየይ ክህልወኒ ክሓትት ይኽእል'የ።
- **ሓበሬታ ምስግጋር**: ኣነ ናብ ካልእ ናይ WIC ክሊኒክ ክሰጋገር ይኽእል እየ። ናይ ምስግጋር ሓበሬታ ንኽህቡኒ ንሰራሕተኛታት WIC ክሓቶም ይኽእል እየ።
- **ምስጢራውነት**: ሓበሬታይ ምስጢራዊ እዩ። WIC ንምቕባል ኣገልግሎታት WIC ሓበሬታይ ጥራይ እዩ ዝጥቀም፡ እንተድኣ ከምኡ ዘይምኸኑ ብጽሑፍ በቲ ክሊኒክ ዘይተነጺሩ።

ስምምዕ

ኣብ WIC ንምኽን ኣነ ነዞም ነገራት እዚኦም ክሰማማዓሎም ኣለኒ:

- ሰራሕተኛታት WIC ብዛዕባ መሰላተይን ግዴታታተይን ከምኡውን ብዛዕባ ሕግታት ፕሮግራም WIC።
- ኩሉ ንWIC ዝህቦ ሓበሬታ ሓቂ እዩ። ዝኾኑ ለውጥታት እንተልዮም ንሰራሕተኛታት WIC ብቕልጡፍ ክሕብር እየ።
- ሰራሕተኛታት WIC ንሓበሬታይ ከረጋግጽዎ ይኽእሉ እዮም ከም ንብዝሒ ስድራቤተይ ከምኡውን ምንጭታት ኣታዊ ስድራቤት ዝኣመሰለ ዘጠቓለለ።
- ናይ WIC ምግብታት ንምክካብ ኢለ እንተሓስየ ወይ ሓቅታት ሓቢአ ንገንዘባዊ ዋጋ ናዞም ምግብታት እዚኦም ንWIC ክኽሕሶ ከድልየኒ ይኽእል'የ።
- WIC ፈደራላዊ ፕሮግራም ሓገዝ እዩ። እንተድኣ ኣነ ንሕግታት WIC ኣፍሪሰ:
  - ሰራሕተትታት WIC ንስድራቤተይ ካብቲ ፕሮግራም WIC ከውጽእዎ ይኽእሉ እዮም።
  - ኣብ ትሕቲ ናይ ክፍለሃገርን ፈደራላውን ሕጊ ንኣይ ሲቪላውን ገበናውን ክሲ ክምስረተለይ ይኽእል'የ።
- ኣነ ብምፍራስ ሕግታት WIC ይምርመር እንተልየ WIC ንሓበሬታይ ክካፍሎ ይኽእል እዩ።

ብኤለክትሮኒካዊ መንገዲ ብምፍራም፣ ኣነ ነዚ ዝስዕብ ይሰምማዕ ኣለኹ:

- **ኣነ ኣብዚ ቅጥዒ እዚ ንዝለዉ ሕግታትን ስምምዕን ኣንቢበዮም፣ ተረዲአዮምን፣ ይሰማማዓሎምን ኣለኹ።**
- **ኣነ ቅዳሕ ናይዚ ቅጥዒ እዚ ተቐቢለ ኣለኹ።**

ፈርማ ተሳታፊ/ወላዲ መጉዚት/ኣላዩ ዕለት

ስም(ኣስማት) ተሳታፊ: ናይ መወዳእታ፣ ቀዳማይ

ሰራሕተኛታት ክሊኒክ: ኣድለይቲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ ተሳታፊ/ወላዲ መጉዚት/ኣላዩ ነቲ ናይ ወረቐት ቅጥዒ ከምዝፍርሙ ግበሩ፣ ንኣበነት ብምኽንያት ናይ ኮምፕዩተር ጸገም ወይ ምቀሩጽ ሓይሊ ኤለክትሪክ።

እዚ ትካል እዚ ማዕረ ዕድላት ዘቕርብ እዩ።

ናይ ዋሽንግተን WIC ኣድልዎ ኣይንብርን እዩ።

ግዴታታተይ

- ኣነ ንናይ WIC ካርደይ ብቕኑዕ መንገዲ ክጥቀመሉ እየ። ኣነ ነቶም መምርሒታት ኣጠቓቕማ እቲ ናይ WIC ካርድ ኣብቲ ድኳንን ምምራጽ WIC ዝድግፎም ምግብታትን ክስዕቦም እየ።
- ንምግብታትን ፎርሙላን (ምግቢ ቆልዓ) ናይ WIC ነቲ ኣብ WIC ዘሎ ሰብ ጥራይ እየ ክጥቀመሎም። ነቶም ክጥቀመሎም ዘይክእል ምግብታትን ፎርሙላን ናብቲ ናይ WIC ክሊኒክ ክመልሶም'የ።
- ዝጠፍኡ፣ ዝተሰርቁ፣ ወይ ዝዓነዉ ናይ WIC ካርድታት ብኡ ንብኡ ንሰራሕተኛታት WIC ክሕብር'የ።
- ኣነ ንናይ WIC ካርደይን ከምኡውን PIN (ውልቃዊ ቁጽሪ መንነት) ብውሑስ መንገዲ ክዕቅቦም እየ። ዝኾነ ኣነ ካርደይ ክጥቀም ዘፍቅደሉ ሰብ ንሕግታት WIC ከምዝፈልጥ ክገብሮ እየ።
- ንሰራሕተኛታት WIC ከምኡውን ድኳን ብኣኽብሮትን ክብረትን ክሕዞም እየ።
- ቆጻራታተይ ከኽብር እየ ክመጽእ ዘይክእል እንተኾይነ ድማ ናብቲ ናይ WIC ክሊኒክ ክድውል እየ። ኣነ ቆጻራታተይ ዘየኽብር እንተኾይነ ነቲ ዝረኽቦ ብዝሒ ናይ WIC ጥቕምታት ምግቢ ክጸልዎ ይኽእል'ዩ።

ሕግታት ፕሮግራም WIC

ነዞም ሕግታት እዚኦም ዘይስዕቦም እንተኾይነ፣ ስድራቤተይ ካብ WIC ክም ዝወጽእ ክግበር ይኽእል'ዩ ወይ ነቲ ፕሮግራም ናይ ዝረኽብክዎም ናይ WIC ጥቕምታት ምግቢ ካሕሳ ክኽፍል ኣለኒ።

- ንWIC ሓቅን ምሉእን ሓበሬታ ሓበሬታ ሃቡ። እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፣ ንመንነት፣ ኩነታት ጥንሲ፣ ኣድራሻ፣ ብዝሒ ስድራቤት፣ ኣታዊ ስድራቤትን ክምኡውን ብቕዓት ንMedicaid (ProvideOne)፣ SNAP (Supplemental Nutrition Assistance Program፣ ፕሮግራም ሓገዝ ናይ መመላእታ ኣግጋግባ)፣ TANF (Temporary Assistance to Needy Families፣ ግዝያዊ ሓገዝ ንጽጉማት ስድራቤታት)፣ ወይ FDPIR (Food Distribution Program on Indian Reservations፣ ፕሮግራም ምዕዳል ምግቢ ኣብ ህንዳዊ ሕዙእ ቦታ)።
- ናይ WIC ካርድ፣ ናይ WIC ምግብታት ወይ ፎርሙላ ፍጹም ኣይትሸጥ ወይ ክትሸይጥ ኣይትፈትን። እዚ ብኣካል ብሕትመት፣ ብቓል፣ ኣብ ኢንተርነት ወይ ብመገዲ ካልእ መራኸቢ ብዙሃን ዘጠቓለለ እዩ።
- ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ ዝፍቀድ ብዝሒ ናይ WIC ምግቢ ጥራይ ርኸብ፣ ኣብ ሓደ ግዜ ካብ ሓንቲ ናይ WIC ክሊኒክ።
- ናይ WIC ካርድ ተጠቒምካ ኣካል ናይ WIC ጥቕምታት ምግቢ ዘይኮኑ ምግብታት ወይ ፎርሙላ ኣይትግዛእ ወይ ክትገዝእ ኣይትፈትን።
- ብናይ WIC ካርድ ዝተገዝኡ ምግትታትን ንገንዘብ፣ ኣብ ሕሳብካ ንምእታው፣ ናይ WIC ዘይኮነ ምግቢ ንምርካብ ወይ ካብ ብዝሒ ናይ WIC ትቕሚ ምግቢ ዝበገዝህ ምግቢ ንምርካብ ኢልካ ናብ ድኳን ኣይትምለስ ወይ ክትመልስ ኣይትፈትን።
- ንሰራሕተኛታት ክሊኒክ ወይ ድኳን ኣይተፈራርሐ ወይ ኣይትጉዳእ ወይ ከኣ ናይ ድኳን ወይ ናይ WIC ንብረት ኣይተዕኑ።

ብዛዕባ ናይ WIC ናይ ተሳታፊ ምግሃሳትን መቐጻዕትታትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣
ነቲ Washington Administrative Code (WAC, ምምሕዳራዊ ሕጊ ዋሽንግተን) 246-790-530 ርኣይዎ።
http://apps.leg.wa.gov/WAC/default.aspx?cite=246-790-530

WIC ኣድልዎ ኣይብርን እዩ።

ብመሰረት ናይ ሲቪላዊ መሰላት ፌደራልን ሲቪላዊ መሰላትን፣ መምርሒታትን ፖሊሲታትን U.S. Department of Agriculture (USDA) (ክፍሊ ግብርና ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ)፣ እዚ ትካል እዚ ኣብ ዓሌታዊ መበቆል፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ብሄራዊ መበቆል፣ ጾታ (እዚ ን ጾታዊ መንነትን ጾታዊ ዝንባለን ሓዊሱ)፣ ኣካላዊ ስንክልና፣ ዕድመ፣ መሰረት ገይሩ ወይ ቦ'ቶም ቅድም ክብል ዝተኻየዱ ናይ ሲቪላዊ መሰላት ምንቅስቓሳት ሕነ ንምፍዳይ ብዝብል ኣብ ሰባት ተነጽሎ ካካይድ ክልኩል እዩ።

ናይ'ዚ መደብ ሓበሬታታት ካብ ቋንቋ እንግሊዘኛ ወጻእ ብኻልኦት ቋንቋታት ክቐርብ ይኽእል እዩ። እቶም ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም እሞ ናይ'ዚ መደብ ሓበሬታታት ንምርካብ ካልኦት ኣማራጽቲ መገዲታት ርክብ ዝጠልቡ ሰባት (ን ኣብነት፡ ብሬይል፣ ዓብዩ መጠን ፊዳላት ዘለዎ ሕትመት፣ ናይ ድምጺ ቅዳሕ፣ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ)፣ ነቲ ሓላፍነት ወሲዱ ነዚ መደብ ዘመሓድር ወይ ን ናይ USDA TARGET Center (ማእከል ዕላማ) ብ (202) 720-2600 (ድምጺን TTY ን) ተጠቒሞም ክረኽቡ ወይ ቢቲ ናይ ፌደራል ኣገልግሎት ሪለይ (800) 877-8339 ተጠቒሞም ምስ USDA ክራኸቡ ኣለዎም።

ኣብ'ዚ መደብ እዚ ንዘጋጠመ ተነጽሎ ዝምልከት ጥርዓን ንምቕራብ፣ እቲ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ን ቅጥዒ AD-3027፣ ቅጥዒ ጥርዓን ተነጽሎ መደብ USDA ኣብ'ዚ ዝስዕብ ብ ኦንላይን ረኺቡ መሊኡ ክዛዝም ኣለዎ: https://www.fns.usda.gov/sites/default/files/resource-files/ad3027-tigrinya.pdf፣ ካብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት USDA፣ ናብ (866) 632-9992 ብምድዋል ወይ ኣድራሻኡ USDA ኢሉ ዝተጽሓፎ ደብዳብ ብምጽሓፍ። እቲ ዝጸሓፍ ደብዳቤ ናይ'ቲ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ስም፣ ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ቴሌፎን፣ን ነቲ ዘጋጠመ ፍጻመ ተነጽሎ ብዝምልከት ናይ'ቲ ተፈጺሙ ዝተብሃለ ጥሕሰት ሲቪላዊ መሰል ባህሪን ዝተፈጸመሉ ዕለትን ን Assistant Secretary for Civil Rights (ASCR) (ተሓጋጋዚ ጸሓፊ ሲቪላዊ መሰላት) ንምግላጽ ዘኽእል እኹል ዝርዝር ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ ጽሑፍ መብርሂ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ተመሊኡ ዝተዛዘመ ቅጥዒ AD-3027 ወይ ደብዳበ ናብ'ዚ ዝስዕብ ኣታዊ ክኸውን ኣለዎ፡

- ፖስታ: U.S. Department of Agriculture
  Office of the Assistant Secretary for Civil Rights
  1400 Independence Avenue, SW
  Washington, D.C. 20250-9410;
- ፋክስ: (833)256-1665 ወይ (202) 690-7442፡ ወይ
- ኢሜይል: program.intake@usda.gov

Washington State Department of HEALTH

DOH 962-987 September 2026 Tigrinya

ነዚ ሰነድ'ዚ ብቓልእ መልክዕ ከውሃበካ ንምጥላብ ናብ 1-800-841-1410 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፣ ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ WIC@doh.wa.gov ኢመይል ስደዱ።